# ጽራዩ ይሰተ ይኅሓፍ ሓተላ!
# ኣየድልየናንዩ ወዳሲ ኣባቓይላ!

ብገ/ሚካኤል ሃብተጸዮን( ቆሪጀ) /ጀርመን

19 ሓምለ 2008

ይመቱዮም ዘለዉ ህዝብና ብሓባር ነእዉየሎም
ንዑ ኣይትሓንግዱ ጠበቓ ንዅነሎም
እጠፍኡዮም ዘለዉ ወዶም ቓሎም
ብህዝብና እንዳሸካዕለለ እንዳላገጸሎም
ነዚ ደቂ ጸሞም ኣሕድሩ ዝዓንገሎም
ንመጽነቲ ስድራ-ቤትካ ገንዘብካ ክትከፍሎም
ንዓ ድፍረት ኣጥሪ እምቢ በሎም
ንህግደፍ እንዳስነቕካ ኣይትበድሎም

መልክያም ተደዊኑ ሓሲምዎም ስድራኻ
ንደቃቶም መንጢሉ ኣስፊርዎም በረኻ
ከመይ ኢሉዩ ደአ ዝቀስነልካ ሕልናኻ
ኣሕዋትካ ኣሓትካ እንዳመቱ ኣብ ሳሃራ በረኻ
እንዳተረሸኑ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ
ኣይረኤኹን ጨካን በፍጹም ከማኻ
ክሳብ መዓስ ከተቃልሕ ዝበሉኻ
ክሳብ ክንድዚ ክትደፍን ኣእሞሮኻ
ስለምንታይ ፈሲሱ ሓሞትካ ?
ስለምንታይ ብጽልኢ ክሕንካ?
ስለምንታይ ህዝብኻ ረሲዕካ?
ስለምንታይ ሕልናኻ ኣዕሪብካ?
ተመኪርካ ተጸዊዕካ እንተዘይ ሰማዕካ
ሕድሪ ስዉኣትካ እንተዘይተግብርካ
ዕጭ ወደኹ እምቢ እንተበልካ
ይቕረ ዘይበሃሎዩ ትፍጽም ዘለኻ
እቲ ዝበደልካዮ ህዝቢ ባዕሉ ከይፈርደካ
ዕጫ ኢሳያስ ከይትኸዉን ዕጫኻ፣

ከይተማራመሩ ንኹሉ ዝርዕሙ
ዘይብሱላት ዝገርዘሙ
ዘይለባማት ዝነዉረሙ
ብህዝብና ተፈንፊኑ ዝተረግሙ
ብመርዚ ህግደፍ ተሰመሙ
ዝተባህሎም ንኹሉ ዝኅስሙ
ንዕረን ማዓርን ዘይፈልይዎ ጣዕሙ
ባባጋሎ ዝበሎም ዝደግሙ
ህዝቦም እንዳተሳቐየ መብጽዑ ተጠሊሙ
እንዳረአይዎ መሰላቱ ተሓሪሙ
ህግደፍስ’ዃ ንረብሕኡ ንጥቅሙ
ንህዝብና ጠሊሙ ንረብሕኡ ኣቀዲሙ
ንስኻትኩምከ ምስ ምንታይ ይቁጸር ጠፊኡና ትርግሙ
ካሳ ህግደፍ ክትህጥሩ ንህዝቡኹም ክትጠልሙ

ዓገብ ንከይትብሉ ኣፍኩም ተለጉሙ
ክንደይከ ትጭኩኑ ክንደይከ ትረግሙ
ምህርቲ ገዲፍኩም ቀሪም ትቅርሙ
ንሮሜማ ፈንፈንኩም ንዓጽሚ ትቑርጥሙ
ኣብ ክንዲ ንሰላም ዉግእ ትዕድሙ፣

ጨሪሶም ዝጠልቀዩ ዝተርከሱ
እቶም መዉዘኸዘኽቲ ንህግደፍ ዝዉድሱ
ተሓኪሞም ዘይፍወሱ
ምስ ጥዑይ ኣእጋሮም ዝሓንከሱ
ዕሩባት ሕልና ዝለመሱ
ከይሓመሙ ዝተደነሱ
ካላሽን ሂብካዮም ዘይትኩሱ
ተስታይ ቀሪብካሎም ዘይሓርሱ
ብኸልተ ኣእዳዎም ዝኩሉሱ
ንህዝብን ሃገርን ዘየዉሕሱ
ዘየሕፍሮም ትፍኦም ዝልሕሱ
እወሓስ ተባሂሎም ዘይምለሱ
ቀትሪ ዝተነድቀ ብለይቲ ዘፍርሱ
ብእከይ ተግባሮም ዘይተጣዕሱ
ኣብ ልዕሊ ሰበባ ዝሕንብሱ፣

ካብ ሕሉፍ ጌጋታት ንመሃር ንሞከር
ኩሉ እንዳረኤና ኣይንበል ደንበርበር
ቲፎዝነት የብቅዕ ንመዓዓድ ንማካኸር
ቁም ነገር ንስራሕ እንካብ ቻል ነገር
ይመዉትዩ ዘሎ ህዝብና ይቅፈድ ይእሰር
ጽባሕ ከይንጣዓስ ከይነጥፍእ ሃገር
ዕላማ ኢሳያስ ከይትግበር፣

ኣወዳት ኣዋልድ እንዳጠሐሉ ኣብ ባሕሪ
ገለዉን እንዳተሰጉ ካብ ልብያ ካብ ምስሪ
ኣብ ሰሃራዉን እንዳሞቱ ብነበልባል ቻህሪ
ኩሉ ምስ ተጠልመ መብጻዓታት ሕድሪ
ሃገር ምስ ተጸምደት ኣብ ቁልዉላዉ ወጥሪ
ኣብ ህዝብና ምስ ተሳእነ ፍቅሪ
ምስ ዳጎኖም ንዋዕሮ ነንበሳ ንነብሪ
ንበይኑ ምስ ባሓተ ወዲ ኣፎም ብሪ
ዘየሕፍሮ ሓሶት ነዉሪ
ጠብለቕለቕ ዘብዝሕ ንኹሉ ዓምጣሪ
ካብ ለባማት ዘይቅበል ምኽሪ
ብዱዕ ትምክሕተኛ ጠላም ሕድሪ
ዓገብ ተተባህለ ዝቁጣዕ ዝኹሪ
ጸረ ሰላም ጸረ ዲሞክራሲ ጸረ ስኒት ፍቅሪ
ብደም ዝጨቀወ ተሓጺቡ ዘይጸሪ፣
ዓወት ንዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስዉኣትና
ስዕረትን ፍሽለትን ንስርዓት ህግደፍ ኣዳኸርቱን፣